# ንሕና ምኽሪ ነውፊ

## ሶኒ-ሓሙስ ሰዓት 9-16
## ዓርቢ ሰዓት 9 -15

ዴኒሽን እንግሊዝኛን

ስልኪ 33 73 50 00

ከምኡ'ውን ስዒበን ብዘለዋ ቋንቋታት
- በጀካ ዴኒሽ - ምኽሪ ይወሃብ

ቋንቋታት ቦስንያ / ሰርቢያ / ክሮሽያ

ስልኪ 33 73 52 33

ዓረብኛን ኩርዲስታን (ሶራኒ)

ስልኪ 33 73 52 28

ሶማሊያ

ስልኪ 33 73 53 11

ብዛዕባ ምስ ናብ ሃገርካ ምምላስ ዝተተሓሓዘ ንመሰላትካ
ጭቡጥ ዝኾነ ውልቃዊ ምምኻር እንድሕር ደሊኻ፡
ኣብ መርበብና ንዝርከብ ናይ ሓበሬታ ቅጥዒ ክትመልእ ኣለካ።

www.atvendehjem.dk
www.flygtning.dk/atvendehjem

ብስዒባ ዘላ ናባና ክትጽሕፍ'ውን ትኽእል ኢኻ

DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

Tigriniya



# ብዛዕባ ናይ ሃገርካ ምምላስ

# 2024

## ንስደተኛታት፣ ወጻእተኛታት ከምኡ’ውን ድርብ ዜግነት ንዘለዎም

## ሓበሬታ ብዛዕባ ብፍቶትካ ናይ ሃገርካ ምምላስ

DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

## እንድሕር ናብ ሃገርካ ክትምለስ ትሓስብ ኰንካ

ዴኒሽ ናይ ስደተኛታት ሓገዝ (Dansk Flygtningehjælp) ብዛዕባ ብፍቶትካ ናብ ሃገርካ ወይ ድማ ቅድም ናብ ዝነበርካዮ መንበሪ ሃገር ምምላስ ንነባሮ ምኽሪ የወፊ። ስደተኛታት፣ ወጻእተኛታት፣ ከምኡ'ውን ድርብ ዜግነት ዘለዎም (ሓደ ዴኒሽ ካልኣይ ድማ ካልእ ዜግነት) ናብ ሃገሮም እንድሕር ተመሊሶም፡ ናይ ቁጠባ ሓገዝ ንኽረኽቡ ዕድል ኣለዎም። ሓገዝ ክወሃበካ እንድሕር ኰይኑ ዝውስኖ ናብ ዴንማርክ መዓስ ከምዝመጸእካን እንታይ ዓይነት ናይ መንበሪ ፈቓድ ከምዝተወሃበካ ዝውስኖ እዩ።

ናብ ሃገርካ ንኽትምለስ ሓገዝ ክወሃበካ ዝኽእል እንድሕር ኰይኑ ክትፈልጥ ደሊኻ፡ ናይ ሓበሬታ ቅጥዒ ኣብ [www.atvendehjem.dk](http://www.atvendehjem.dk) ክትሰደልና ኣሎካ።

## ቑጠባዊ ሓገዝ

ኣብ ዓቕመ-ኣዳም ዝበጽሑ ዓበይቲ ሰባት መታን ኣብ ሃገሮም ሓድሽ ሂይወት ንኽጅምሩ ኣብ 2024 ክሳብ 155.417 kr. ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም። ቆልዑት ክሳብ 47.401 kr. ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም።

እዚ ገንዘብ ኣብ ክልተ ክፋል ተመቒሉ ይኽፈል - ቀዳማይ ክፋል ካብ'ዛ ዓዲ ክትወጽእ እንከለኻ (ክሳብ 62.166 kr. ኣብ ዓቕመ-ኣዳም ንዝበጽሑ ዓበይቲ ሰባት፣ ክሳብ 18.960 kr. ንቆልዑት) ከምኡ ድማ ካልኣይ ክፋል (ክሳብ 93.251 kr. ኣብ ዓቕመ-ኣዳም ንዝበጽሑ ዓበይቲ ሰባት፣ ክሳብ 28.441 kr. ንቆልዑት) ኣብ ዓዲ ድሕሪ ሓደ ዓመት ይኽፈል።

## ተወሳኺ ናይ ሓገዝ ዕድላት

- ናይ መገሻ ወጻኢታት,
- መጎዓዝያ ንግላዊ ኣቕሑ ወይ ድማ ንግላዊ እቕሑ መግዝኢ ዝኸውን ወጻኢታት ሓገዝ
- ናይ ንግዲ መሳርሒታት ከምኡ'ውን መጎዓዝያ ንናይ ንግዲ መሳርሒታት
- ናይ ጥዕና ውሕስነት / ን 4 ዓመታት ዝኸውን ናይ መሐከሚ ወጻኢታት
- ን 1 ዓመት ዝኸውን መድሃኒት,
- ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ሓገዝ መሳርሒታት,
- ዕድሚኦም ካብ 5-16 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑት ን 4 ዓመታት መምሃሪ ወጻኢታት
- ናይ መጎዓዓዚ ሰነዳት ንምርካብ ሓገዛት

DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

## እንድሕር 55 ዓመት መሊእካ

እንድሕር ብውሕዱ 55 ዓመት ጌርካ ኲንካ'ሞ ናብ ዓድኻ ተመሊስካ፡ ካብ ዴንማርክ ሓገዝ ዝኸውን ቀዋሚ ዝኾነ ክፍሊት ኣኣብ ወርሒ ክትረክብ`ውን ትኽእል።

ኣብ መንጎ 50 ን 54 ዓመት እንድሕር ኲንካ፡ ኣብ ትሕቲ ውሱናት ኩነታት እቲ ገንዘብ ክኽፈለካ ይኽእል እዩ።

እዚ ሓገዝ ከም ልሙድ ወርሓዊ ኣብ መንጎ 2.800 kr. ን 3.600 kr. እዩ። ነዚ ሓገዝ ንኽወሃበካ፡ ኣብ ዴንማርክ ብውሕዱ ን 5 ዓመታት ዝነበርካ ክትከውን ኣለካ።

ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት፡ ዴንማርክን ሃገርካን ዝግበር ውዕል ምስ ዝህሉ፡ ገለ ክፍሊት ጡረታኻ ሒዝካ ክትከይድ ይከኣል ይኸውን።

## ናይ ምጥዓስ መሰል

**ስደተኛታት** ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ዝወሰድዎ ውሳኔ ተጣዒሶም ናብ ዴንማርክ ንኽምለሱ፡ ከም ልሙድ ናይ ሓደ ዓመት መሰል ኣለዎም። እዚ ማለት ድማ፡ እዚኦም ሰባት እንደገና ኣብ ዴንማርክ ናይ መንበሪ ፈቓድ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እንድሕር ናብ ሃገሮም ምምላስ ተጣዒሶም፡ ንኽምለሱ ንዝተገበረሎም ብምሉኡ ናይ ምምላስ ሓገዝ ክመልስዎ ኣለዎም።

**ወጻእተኛታት** ናብ ሃገሮም ምስ ተመለሱን ሓገዝ ምስ ተወሃቦምን ናብ ዴንማርክ ተመሊሶም ንኽመጹ መሰል የብሎምን። ነዚኦም ሰባት ውሳኔኦም ናይ መጨረስታ ኮይኑ ኣብ ዴንማርክ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ንዝነበሮም መሰላት መሊሶም ኣይክረኽብዎን እዮም።

**ድርብ ዜግነት ንዘለዎም** ቅድሚ ምውጻኦም ንክፋል ናይ ዴኒሽ ዜግነቶም ክገድፉ ኣለዎም። ንናይ ዴኒሽ ዜግነቶም ንኽሓድጉ ንዝወሰድዎ ውሳኔ ንኽልተ ዓመት ናይ ምጥዓስ ዕድል ኣለዎም። እንድሕር ናብ ሃገሮም ምምላስ ተጣዒሶም፡ ንዝተወሃቦም ናይ ምምላስ ሓገዝ ብምሉኡ ክመልስዎ ኣለዎም።

## ብዝያዳ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ

ናብ ሃገርካ ክትምለስ ትሓስብ እንድሕር ኲንካ፡ ኣብ መርበብና ክትረኽቦ ንእትኽእል ናይ ሓበሬታ ቅጥዒ ክትሰደልና ትኽእል ኢኻ። መታን ናትካ ውሳኔ ንኽትወስድ፡ ኣብ ብውልቃዊ ዝርርብ፡ ንዕድላትካን መሰላትካን ንሕብረካ። እንድሕር ትደሊ ኣብ ዝርርብና ኣስተርጓሚ ነምጽእ። ናህና ስራሕ ድማ መታን ናትካ ውሳኔ ንኽትወስድ፡ ንዘድልዩኻ ሓበሬታታት ምሃብ ኢዩ።